## ስርዓት ወያነ ኣብ መዓስከራት ዳጉንዎም ዝቐነየ 700 ኤርትራውያን ሃገሮም ኣትዮም።

----------0---------

ስርዓት ወያነ ብድሌቶም ናብ ሃገሮም ክኸዱ ዝተመዝገቡ ብዝብል ጉልባብ ካብ ስርሖምን ሕርሻኦምን ገፊፉ ኣብ መዓስከራት ዳጕኑ ከሳቕዮም ድሕሪ ምጽናሕ ዝሰጎጎም ኣስታት 700 ኤርትራውያን ትማሊ 25 ሰነ ሃገሮም ኣትዮም።

እዞም ህጻናት፡ ነፍሰጾራት፡ ሓራሳት፡ ኣረጋውያን፡ ከምኡውን ዓይነ ስዉራን፡ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎምን ሕሙማትን ዝርከብዎም ዝተሰጉ ዜጋታት፡ ኣብ መቐለ፡ ሽራሮ፡ ሑመራ፡ ኣላማጣ፡ ሽረን ካልኦት ዓድታትን ትግራይ ዝቐመጡ ዝነበሩ እዮም።

ካብ ሞንጎ እዞም ዝተሰጉ ምስ ምጅማር ወራር ወያነ ኤርትራውያን ብምኧኖም ጥራይ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ዝተደኮነ ኣብያተ ማእሰርቲ ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ዝተኣስሩ፡ ከምኡውን ኣብ 3ይ ወራር ወያነ ካብ ዓድታት ኤርትራ ጥሪቶም ዝተዘምቱ ሓረስቶት ብማእሰርቲ ክሳቐዩ ዝጸንሑ ይርከብዎም።

ብመሰረት እቶም ዜጋታት ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ካድራትን ሚሊሽያን ወያነ ንመብዛሕትኦም ብሃንደበት ካብ ኣባይቶምን ናይ ሕርሻ ቦትኦምን ገፊፎም ኣብ መዓ ስከራት ዳጕኖሞም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንብረቶምን ጥሪቶምን ከይወገኑ ሰጕጎሞም ከብቅዑ፡ ስርዓት ወያነ ንኣባላት ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀል ብድሌቶም ንሃገሮም ክኸዱ ዝተመዝገቡ እዮም ዝብል ሓበሬታ ብምሃብ ከደናግር ከምዝፈተነ ሓቢሮሞም።

እቶም ዜጋታት ኤርትራ ኣብ ዝኣተውሉ እዋን ህዝቢ ድሙቕ ኣቀባብላ ገይሩሎም።

**********ኣዜኤ***********